homes victoria
50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቐማጦ
ኮሊንግዉድ ብመደያይቦ ጥራይ ዝድየብ ህንጻ
ኮሊንግዉድ

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ብዛዕባ ገስጋስ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓቢ ህንጻት ኣባይትን መደብ ዳግመ ምምዕባል ሰማይ ጠቀስ ደርብታትን ንምሕባር ኢና ንጽሕፈልኩም ዘለና።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ናይቲ መደብ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ሕጂ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ነዳሉ ኣለና ማለት እዩ። **ናይ ሎሚ ምልክታ ንህንጻኹም ወይ ንገዛኹም ኣይጸልዎን እዩ።**

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፧

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዞም ህንጻታት ተዛሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

**ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት2028፡** እቲ ዳግመ ህንጻት ኣብ ዝካየደሉ እዋን ናብ ምቹእ ቤት ንኽግዕዙ ንምሕጋዝ ምስዞም ስድራቤታት እዚኣቶም ብቐረባ ክንሳዕ ኢና።

## ነቶም ናብ ካልእ ቦታ ዝግዕዙ ተቐማጦ ንምሕጋዝ ኣብ ጥቕኡ ሓደስቲ ኣባይቲ ንሃንጽ ኣለና

ነዞም ነበርቲ ብናይ ምግዓዝ ኣማራጺታት ንምድጋፍ ድሮ ኣብ ጥቕኦም ብቅዓት ዘለዎም ሓደስቲ ገዛውቲ ይሰርሑ ኣለዉ። ኣብዚ ዓመት ክዛዘሙ ትጽቢት ይግበረሎም፣ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ፡

- ጎደና Essex/ኢሰክስ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና Simmons/ሲሞንስ, South Yarra/ሳውዝ ያራ
- Barak Beacon/ባራክ ቢከን, Port Melbourne/ፖርት መልበርን
- Holland Court, Flemington/ሆላንድ ኮርት፡ ፍሌሚንግተን

እዞም ገዛውቲ ንምውዓይን ንምዝሓልን ዝቐለሉ ክኾኑ እዮም፣ ንናይ ምንቅስቓስ ድሌታት ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ምቹኣት ክኾኑ እዮም፣ ዝተመሓየሸ ዉሕስነት፣ ብርሃንን ንምንቅስቃስ ኣየርን ዘለዎም ከምኡ ድማ ባርኮኒን ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንትን ዘለዎም ክኾኑ እዮም።

## ብዛዕባ መደብ ዳግመ ምምዕባል

ኣብ መልበርን ዝርከቡ ዝኣረጉ ሰማይ ጠቀስ ደርብታት ብዘመናዊ መለክዒ፡ ምቾት፡ ተበጻሕነትን ብቅዓት ጸዓትን ዘማልኡ ሓደስቲ ገዛውቲ ክቕየሩ እዮም።

ነዞም ህንጻታት ዳግማይ ብምምዕባል፡ ነበርቲ ሕጅን ንመጻእን ውሑስን ኣብ ውሑስ፡ምቹእ ከምኡ ድማ ምስ ድሌታቶም ዝሰማማዕን ገዛውቲ ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ነረጋግጽ ኣለና።

ቅድሚ ጥሪ 2028 ዋላሓደ ተወሳኺ ዳግመ ምግዓዝ ሰማይ ጠቕስ ደርብታት ኣይጅመርን እዩ።

## ምትእስሳርን እዋናዊ ሓበሬታን ይሃልኹም

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ እቲ ፕሮጀክት ምስ እዋናዊ ሓበሬታ ክንራኸብ ኢና። ብተወሳኺ ናብ መርበብ ሓበሬታና ኣብ homes.vic.gov.au ብምእታው ኣብ ከባቢኹም እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ክትዕዘቡን እዋናዊ ዜናታት ንምርካብ ንዝመጽእ ሓድሽ ሓበሬታ ክትምዝገቡን ትኽእሉ ኢኹም።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026